# መዓልታዊ ኣስተንትኖ ቃል ኣምላኽ - ጥሪ 4ይ ሰሙን

## ብዶ/ር ክፍለየሱስ ዓንደማርያም

መዓልቲ መዓልቲ ንገለ ደቃይቕ ነዞም ነንመዓልቱ ተዳልዮም ዘለዉ ንባባት ብምንባብን ብምስትንታንን ቅሳነትን ሰላምን ኣብ ሕይወትና ኪሰፍን እዩ። "ንዓ መንፈስ ቅዱስ ነዚ ቃል እዚ ኣንቢበ ክኣምኖን ኣብ ልበይ ከሕድሮን ጸጋኻ ሃበኒ!"

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| 25 ጥሪ 2016 | ግሓ 23፡ 3-16<br>መዝ 117፡ 1-2<br>ማር 16፡ 15-18 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዘኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ኣብ ግብረ ሓዋርያት ምዕራፍ 23 ብዛዕባ ጳውሎስ ኣብ መጋባእያ ኣይሁድ ንፍርዲ ከም ዝቐረበን፡ ኪቐትልዎ ከም ዝመኸሩን ይዛረባና። ኣምላኽ ጳውሎስ ኣብ ሮማ ኪምስክረሉ ከም ዝደለየ ንርኢ። "በታ ድኅሪኣ ዘላ ለይቲ ኸኣ ጐይታ ናብኡ ቐሪቡ፡ 'ጳውሎስ! ከምቲ ኣብ ኢየሩሳሌም ብዛዕባይ ዝመስከርካዮ ከምኡውን ኣብ ሮማ ኽትምስክረለይ ይግብኣካ እዩ እሞ፣ ኣጆኻ' በሎ"። ይብለና።<br>• መዝሙር 117 ከኣ ንኣምላኽ ምስጋና ከነቕርበሉ ይዕድመና። "ኲሉኹም ኣሕዛብ ንእግዚኣብሔር ኣመስግንዎ፣ ኲሉኹም ሕዝብታት ንእግዚኣብሔር ወድስዎ። ምሕረቱ ኣባና ዓቢዩ እዩ፣ እሙን ምዃኑ ድማ ንዘለዓለም ይነብር እዩ። ንእግዚኣብሔር ኣመስግንዎ።" ይብለና።<br>• ወንጌል ማርቆስ ምዕራፍ 16 ከኣ ኢየሱስ ንሓዋርያቱ ናብ ኲሉ ዓለም ከይዶም ኪሰብኩ ከም ዝኣዘዞም ይነግረና። "ናብ ኲሉ ዓለም ኪዱ፣ ንብዘሎ ብጥረት ከኣ ወንጌል ስበኹ፣ እቲ ዝኣመነን ዝተጠምቀን ኪድኅን እዩ፣ እቲ ዘይኣመነ ግና ኪኹነን እዩ። ነቶም ዚኣምኑ እዚ ምልክት እዚ ኪሰዕቦም እዩ፦ ብስመይ ኣጋንንቲ ኼውጽኡ፡ ብሓዲሽ ቛንቛ ኸኣ ኪዛረቡ፡ ኣትማን ኪኃዙ፡ ዚቐትል እንተ ሰተዩ ከኣ ከቶ ኣይኪጐድኦምን እዩ፣ ኣእዳዎም ኣብ ሕሙማት ኪንብሩ ንሳቶምውን ኪሓውዩ እዮም።" ይብለና።<br><br>ብስም ኣብን፡ ወልድን፡ መንፈስ ቅዱስን ዝተጠመቕና ክርስትያን ኲላትና ወንጌል ወይ ናይ ድኅነት ብስራት ናብ ኲሉ ዓለም ኬንብጽሕ ኢየሱስ ልኢኹና እዩ። ኲላትና ወንጌል ክንሰብኽ ግዴታ ኣሎና። ግብረ ሓዋርያት፡ ጳውሎስ ከም ብሩህ ኣብነት ናይዚ ስብከተ ወንጌል ገይሩ የቕርበልና። ናብ መላእ ዓለም ከይዱ ክሳዕ ሞት ነሕዛብ ዘሰበኸ ዘይሕለል ሓዋርያ እዩ ዝነበረ። ኲሎም ኣሕዛብ ንእግዚኣብሔር ከመስግንዎን፣ ነቲ ዓቢይ ምሕረቱ ኪፈልጡን እንተ ኾይኖም፣ ብዛዕባ ኣምላኽን ኣባና ዘለዎ ፍቕርን ዚነግሮም የድልዮም። ዘይብሉ ሰብ ኪህብ ኣይከኣሎን እዩ። ፍቕሪ ኣምላኽን ምሕረቱን ዝጠዓመን ዘስተማቐረን ሰብ ጥራሕ እዩ ኪገልጾ ዝኽእል። ስለዚ ቅድሚ ንካልኦት ብዛዕባ ኣምላኽ ምስባኽና፣ ንሕና ንገዛእ ርእስና ንኣምላኽ ክንፈልጦን ምስኡ ጥቡቕ ዝምድና ክህልወናን የድልየና። ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ። ነዚ ፍቕሪ እዚ ኢና ንዓለም ከነብጽሓላ እንሕተት ዘሎና። ፍቕሪ ኣብ ኣባይትና፣ ፍቕሪ ኣብ ስራሕና፣ ፍቕሪ ኣብ ዓድና ከነእቱ ዝተጸዋዕና ንሕና ኢና። ብእመንት ንበገሰሉ ደኣምበር፡ ኣምላኽ ብኃይሉ ነቲ ምስክርነትና ኪጽንዖ እዩ። ኣብ ልዕሊ ኣጋንንቲ ሥልጣን፡ ኣብ ልዕሊ ሕሙማት ፈውሲ ኪህልወናን፣ ካብ ኲሉ ዝጻረረና ነገራት ከኣ ኣምላኽ ባዕሉ ኪሕልወና እዩ። "ኦ ጐይታይ፡ ፍቕርኻ ናብ ኲሉ ዓለም ኬብጽሕ ድላየይ እዩ። እቲ ዝሃብካኒ ብርሃን ኣብ ቅድሚ ካልኦት ንኬብርሆ ተብዓት ወስኸኒ፣ ብእምነት ከም ዝንቀሳቐስ ግበረኒ። ኣሜን!" |

| **ዕለት** | **ንባብ** | **ኣስተንትኖ** |
| --- | --- | --- |
| **26 ጥሪ** | 2 **ጢሞ** 1፥ 1-8<br>**መዝ** 96፥ 1-3, 7-8፣ 10<br>**ማር** 3፥ 31-35 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• 1ይቲ መልእኽቲ ናብ ጢሞቴዎስ 1ይ ምዕራፍ ጳውሎስ ሓዋርያ ነቶም ኣገልገልቲ ወንጌል ዚህቦ ማዕዳ ኣለዎ። “. . . ነቲ ብምንባር ኢደይ ኣባኻ ዘሎ ውህበት ኣምላኽ ከተሓድሶ አዘክረካ ኣሎኹ። ከመይ ኣምላኽ መንፈስ ኃይልን ፍቕርን ንገዛእ ርእስኻ ምግታእን እምበር መንፈስ ፍርሃት ኣይሃበናን። ደጊም ንጐይታ ብምምስካርን ብኣይ ብእሱርን ኣይትሕፈር፡ እኳ ደኣ በቲ ኣምላኽ ዚህበካ ኃይሊ ምእንቲ ወንጌል ምሳይ መከራ ጽገብ።” ይብለና።<br>• መዝሙር ዳዊት 96 ከኣ፥ ንእግዚኣብሔር ሓዲሽ መዝሙር ክንዝምረሉን፣ ነቲ ምድኃኑ ከነበስርን፣ ክብሩ ኣብ ማእከል ኣሕዛብ ክነግርን የተባብዓና። “ሕዝቢ ዓለም ኵሉኹም . . . ክብርን ኃይልን ናቱ እዩ እሞ ንእግዚኣብሔር ኣመስግንዎ፣ . . . መስዋዕቲ ሒዝኩም ናብ ቤተ መቕደሱ እተዉ። . . . ነሕዛብ ‘እግዚኣብሔር ንጉሥ እዩ፣ ንዓለም ኣብ ጽኑዕ ስለ ዝሠረታ ኣይክትናወጽን እያ፣ ንሕዝብታት ከኣ ብቕንዕና ኺፈርዶም እዩ’ ኢልኩም ንገርዎም።” ይብለና።<br>• ወንጌል ማርቆስ 3ይ ምዕራፍ ብዛዕባ ኣደ ኢየሱስን ኣሕዋቱን ይዛረበና። “እንሆ ኣዴኻን ኣሕዋትካን ኣኃትካን ኣብ ወፃኢ ቖይሞም ይጽውዑኻ ኣለው’ በሉዎ። ንሱ ድማ ‘ኣደይ መን እያ? ኣኀዋተይከ በዓል መን እዮም?’ እናበለ መለሰሎም። . . . ‘ኣደይን ኣኀዋተይንሲ እነዉ። ኃወይን ኃብተይን ኣደይንሲ ፍቓድ ኣምላኽ ዚገብር ዘበለ ኹሉ እዩ’ በሎም።” ይብለና።<br><br>ንስኻ/ኺ ካብ ኣሕዋት/ኣሓትን ኢየሱስ ምኳን ትደሊዶ? እምበኣር ቃል ወንጌል ብምስማዕ ኢና ኣሕዋትን ኣሓትን ኢየሱስ እንኸውን። ነፍስና ቃል ኣምላኽ ምስ ጸገበት ከኣ ብኢየሱስን በቶም ምእንቲ ወንጌሉ ዝእሰሩን ዚሞትን ኣገልገልቱ  ከቶ ኣይክንሓፍር ኢና። ሓደ ሓደ ግዜ ዘገርም ነገር ንገብር። ብወለዶናን ዓሌትናን ወይ ሃገርናን ክንሕበንን ንካልኦት ክንዕቕን ከሎና፣ ሥድራቤት ኢየሱስ ምኳን ኣይከኣልናን። ነቶም ካልኦት ኣሕዋትና/ኣሓትና ክንቅበሎም ስለ ዘይከኣልና ከኣ ንኢየሱስ ሓውና ክንገብሮ የሕፍረና ኣሎ ማለት እዩ። ንሕና ደቂ ዓዶም ንቅዱሳንን ደቂ እቲ ልዑል ኣምላኽን ምኳና ኣዝዩ ከሓብነና ዝግብኦ ዓቢይ ነገር እዩ። ናይዚ ምድሪ ነገራት ኩሉ ድሕሪ ቍሩብ ግዜ ኪሓልፍ እዩ። እቲ ንዘለዓለም ዚነብር ግና እቲ ኣብ ኣምላኽ ዘሎና ሕይወት እዩ። ስለዚ ኩሉ ግዜ ብኣምላኽ ክንሕጐስን ከነመስግኖን ይግብኣና እዩ። ብዘይ ኣምላኽ ዓለምና እንታይ ምኾነ? ሕይወትና እንታይ ትርጉም ምሃለዎ?  ከም ዕምባባ ንግሆ ዓምቢቡ ምሸት ዝነቅጽ ኮይና ምተረፍና። ንሕና ግና ከምኡ ኣይኮናን። ንሕናስ ኣሕዋት ኢየሱስ ኢና፣ ንዘለዓለም ከኣ ምስኡ ክነግሥ ኢና። “ኦ ጐይታ፡ ወድኻ ኢየሱስ ናብ ምድሪ ልኢኽካ ፍቕርኻ ክትነግረናን ሥድራቤትካ ክትገብረናን ዝፈቐድካ ነመስግነካ ኣሎና። ብኢየሱስ ከም ዘይሓፍር ግበረኒ። እኳ ድኣ ፍቕርኻ ንካልኦት ከም ዘካፍሎም ግበረኒ። ኣሜን!” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **27 ጥሪ** | 2 **ሳሙ** 7፡ 4- 17<br>**መዝ** 89፡ 4-5, 27-30<br>**ማር** 4፡ 1-20 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዘኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• 2 ሳሙኤል 7ይ ምዕራፍ ብዛዕባ እግዚኣብሄር ንዳዊት ዝሃቦ ተስፋ ይዛረበና። ዳዊት ንኣምላኽ ቤት ክሠርሓሉ ክሓስብ ከሎ፣ ኣምላኽ ግና ብነቢይ ናታን ገይሩ "ንስኻ ኣነ ዝነብረላ ቤት ኣይትሠርሓለይን ኢኻ " ዚብል መልሲ ይህቦ። ግና ዓቢይ ተስፋ፡ ". . . ብድኅሬኻ ንሓደ ካብ ደቕኻ ልዕል ከብሎ እየ፣ ነታ መንግሥቱውን ከጽንዓ እየ። ንሱ ንስመይ ቤት ኪሠርሕ እዩ፣ ኣነ ኸኣ ዝፋን መንግሥቱ ንዘለዓለም ኬጽንዓሉ እየ። ኣነ ኣቦ ኪኾኖ፣ ንሱ ድማ ወዲ ኪኾነኒ እዩ። . . . ቤትካን መንግሥትኻን ከኣ ንዘለዓለም ኪጸንዐ እየን፣ ዙፋንካውን ንዘለዓለም ኪጸንዕ እዩ።" ዚብል ተስፋ ይህቦ።<br>• ኣብ መዝሙር 89 ከኣ "ምስ ኅሩየይ ኪዳን ኣቶኹ፡ ንዳዊት ባርያይ ከኣ 'ዘርእኻ ንዘለዓለም ከጽንዕ፡ ዝፋንካውን ንውሉድ ወለዶ ክሓንጽ እየ' ኢለ መሓልኩሉ" ይብል። ቀጺሉ "ካብ ዘርኡ ንዘለዓለም ኬንግሥ እየ፣ ንመንግሥቱውን ከም ዕድመ ሰማይ ክገብሮ እየ" ይብል።<br>• ወንጌል ማርቆስ ምዕራፍ 4 ከኣ ብዛዕባ ዘርእን ዘራእን ይዛረበና። እቲ ገሊኡ ኣብ መንገዲ፡ ኣብ ኸውሒ፡ ኣብ ማእከል እሾኽ፡ ገሊኡ ድማ ኣብ ጽቡቕ መሬት ወደቐ። ብዘይካ እቲ ኣብ ጽቡቕ መሬት ዝወደቐ እቲ ካልእ ክፈሪ ኣይከኣለን።<br><br>ንሕና ቤተ መቕደስ ኣምላኽ ኢና። ንጉሥ ሰሎሙን ንኢየሱስ እዩ ዝእምተልና፣ ከመይ ኢየሱስ እዩ ካብ ዘርኢ ዳዊት ንዘለዓለም ዚነግሥ ጐይታ። ኢየሱስ ከኣ ኣባና መጺኡ ንኣምላኽ ዚኸውን መዕረፊ ዝሠርሕ ጐይታ ወይ ንጉሥ ልብና እዩ። ሓንሳእ ኣባና መንግሥቱ ምስ ተኸለ ከኣ ንዘለዓለም ናቱ ንኸውን። እዚ ክኸውን ግና ልባትና ብእምነት ናብ ቃሉ ከም ዜድህብ ምግባር የድልየና። እቲ ንቃል ኣምላኽ ኪሰምዕ ሃረር ዚብል ልቢ፡ ንሱ እቲ ጽቡቕ መሬት እዩ። ንሱ እዩ እቲ ብዙሕ ጽድቂ ዚፈሪ። ሰይጣን ግና እቲ ቀንዲ ተጻራሪና ሓይሊ እዩ። ንሱ ንቃል ኣምላኽ ምእንቲ ከይንሰምዖ ኣብ ዙርያና ብርቱዕ ድምጽን ረበሻን ይገብርን ነቲ ክንሰምዖ ዝኸኣልና ድማ ለቒሙ ይኣልዮ ኣሎ። ገሌና ከኣ ቃል ኣምላኽ ሰሚዕና ባህኳ እንተበለና ክንምስክረሉ ግና ኣይንደልን፡ ወይ ብግዜያዊ ነገራት፡ ቀስ ኢልና እነርክበሉ ኣናመሰለና ብጣዕሚ ናይዚ ዓለምዚ ንዕሾ ኣሎና። ልባትና ግና ኣብ ኣምላኽ ጥራሕ እዩ ኪዓርፍን ኪዓግብን ክሕጎስን ዝኽእል። ነቲ ዝዓበየ ነገር ገዲፍና፣ ነቲ ዘየርብሓና ነኣሽቱ ነገራት ክንደሊ ምድሪ ኣይነዕርቦ። "ኦ ጐይታ፡ ንስኻ በይንኻ ኣብ ልበይ ምስ ነገሥካ ጥራይ ልበይ ብኣኻ ከም ዝሕጎስ ከም ዘርዳእ ግበረኒ። ብግዜያዊ ነገራት ከይዕሾ ምሃረኒ።" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| 28 **ጥሪ** | 2 **ሳሙ** 7፡ 18-19, 24-29<br>**መዝ** 132፡ 1-5, 11-14<br>**ማር** 4፡ 21-25 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ኣብ 2ይ ሳሙኤል ምዕራፍ 7፡ ዳዊት እግዚኣብሔር ብዝሃቦ ተስፋ ተገሪሙን ተሓጒሱን ከም ዘመስገኖ ንርኢ። "ኦ እግዚኣብሔር ጐታይ፡ ክሳዕ ክንድዚ ዘብጻሕካንስ፡ ኣነ መን እየ? ቤተይከ እንታይ እያ? . . . ሕጂ ከኣ፡ እግዚኣብሔር ጐይታይ፡ ንስኻ ኣምላኽ ኢኻ፡ ዘረባኻውን ሓቂ እዩ፣ እዚ ጽቡቕ ነገር እዚውን ንኣይ ንባርያኻ ኣተስፊኻኒ። ሕጂ ድማ፡ እግዚኣብሔር ጐይታይ፡ ዘርኣይ ዘርኢ ባርያኻ ብበረኸትካ ንዘለዓለም ክትባርኽ ተዛሪብካ ኢኻ ኣሞ፡ ዘርኢ ባርያኻ ንዘለዓለም ኣብ ቅድሜኻ ምእንቲ ኺነብር ክትባርኾ ፍቓድካ ይኹን።" እንዳበለ ዳዊት ይጽሊ።<br>• መዝሙር 132 ከኣ ዳዊት ንኣምላኽ "ብሓቂ ናብ ገዛይ ኣይኣቱን እየ፡ ኣብ ዓራተይ ኣይድቅስን እየ። ንእግዚኣብሔር ዚኸውን ቦታ፡ ነቲ ናይ ያዕቆብ ሥልጡን ኣምላኽ ዚኸውን መኅደሪ ክሳዕ ዝረክብሲ ኣይከዕርፍን እየ፣ ኣይድቅስን እየ።" እናበለ ይዛረብ። ቀጺሉ ". . . እግዚኣብሔር ንጽዮን ሓረያ፡ መኅደሪኡ ክትከውን ድማ በሃጋ፦ 'እዚኣ ንሓዋሩ መዕረፊተይ እያ፣ ብሂገያ እየ ኣሞ፡ ኣብኣ ኽነብር እየ።" ይብል።<br>• ወንጌል ማርቆስ ምዕራፍ 4 ከኣ ብዛዕባ ምስላ ሕቡእ መብራህቲ ይዘረበና። "ንመብራህቲ ኣብ በሪኽ መቐመጢኡ ኺገብሮ እምበር ኣብ ትሕቲ ኸፊር ወይ ትሕቲ ዓራት ኬቐምጦዶ ሰብ የብርሆ እዩ? ዘይገሃድ ኅቡእ የልቦን፣ ዘይግለጽ ሥዉር ድማ የልቦን። እትሰምዕ እዝኒ ዘላቶ ይስማዕ። መሊሱ ድማ ከምዚ በሎም "ነቲ እትሰምዕዎ ኣስተብህሉሉ። በቲ እትሰፍሩሉ  መስፈሪ ኪስፈረልኩም እዩ። ከመይ ንዘለዎ ይወሃቦ፣ ነቲ ዘይብሉ ግና እታ ዘላቶ እኳ የግድፍዎ እዮም።" ይብለና።"<br><br>ንኣምላኽ ዚፈልጥን ዝኣምንን ሰብ፡ ኣምላኽ ይዛረቦን ይመርሖን። ንሕዝቢ ኣምላኽ ወይ ንቤተክርስቲያን ከኣ ንበረኸታ ይኸውን። ናይ እግዚኣብሔር ሰብ ብርሃን ኣምላኽ ይለብስን የንጸባርቕን። ኩሉ ዝርእዮ ዘበለ ብርሃን ኣምላኽ ይርኢ። ንመንገዲ ዝሰሓቱ ሰባት ይሕብርን የርእዮምን። ዳዊት ንጉሥ ንኣና ዓቢይ ኣብነት እዩ። ኣብ ሕይወቱ ኣምላኽ ዝግብኦ ቦታ ኪረክብን፣ በቲ ሕዝቢ እስራኤል ምእንቲ ክኸብርን ክምለኽን ይብህግን ይሠርሕን ነበረ። ዳዊት ደቂ እስራኤል ተኣኪቦም ንኣምላኾም ዜምልኹላ ቤት ንኣምላኽ ክሠርሓሉ ይብገስ። ኣምላኽ ግና በዚ ባህ ስለ ዝበሎ ንዘርኡ ሓዲሽ ኪዳን ይኣትወሉ። ካብ ቤቱ እቲ ንዘለዓለም ኪነግሥ ዘለዎ ንጉሥ (ኢየሱስ ክርስቶስ) ኪወጽእ ከም ዘለዎ ይነግሮ። ዳዊት ከኣ ንኣምላኽ ኣመስጊኑ ኣይጸግቦን። ኣምላኽ ንኩልና ጸጋታቱ በረኸቱን ይዕድለና። ከም መጠን ዝሃበና ጸጋታት ከኣ ሓደ መዓልቲ ኪሓተና እዩ። ነቶም እሙናት ኣገልገልቱ ከኣ መሊሱ ዝዓበየ ክብሪ ክውሰኾም እዩ። ኣነ፡ ንስኻ/ኺ ካብ ኣምላኽ ዝተቐበልናዮ ጸጋ ኣብ ምንታይ ኣውዒልናዮ? ኣፍሪናሉዶ? ካልኦት በቲ ውህበትና ንኣምላኽ ዝያዳ ክፈልጥዎን ክርእይዎን ክኢሎምዶ? "ኦ ጐይታይ፡ ንስኻ ዝሃብካኒ ጸጋታት ኩሉ ንክብርኻን፡ ንጥቕሚ ካልኦት ሰባት ኬወዕሎን ሓግዘኒ። ነቲ ዘሎኒ ክእለታትን ጸጋታትን ካብ ርእሰይ ከይመስለኒን፣ ቡ ምኽንያት ከይዕበን ንካልኦት ከይንዕቖምን ሓልወኒ። ውህበተይ ሓቢኣ ከይተጠቐምኩሉ ግዜይ የባኽን ከይህሉ ምስትውዓል ሃበኒ።" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| 29 **ጥሪ** | 2 **ሳሙ** 11፡ 1-10, 13-17<br>**መዝ** 51፡ 3-7, 10-11<br>**ማር** 4፡ 26-34 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• 2 ሳሙኤል ምዕራፍ 11 ብዛዕባ ንጉሥ ዳዊት ዝገበሮ ዓቢይ ኃጢኣት ይነግረና። ፍትወት ሥጋኡ ንከርዊ ቤርሳቤህ በዓልቲ ሓዳር ክነሳ ክወስዳን፡ ኃጢኣቱ ምእንቲ ከይቕላዕ ከኣ ንሰብኣያ ኦርዮ ከም ዝቕተል ክገብሮን ንርእዮ።<br>• መዝሙር 51 ከኣ ንስሓ ንጉሥ ዳዊት የቕርበልና። "ኣነ ኣበሳይ እፈልጥ ኣሎኹ፣ ኃጢኣተይውን ኩሉ ግዜ ኣብ ቅድሚ ዓይነይ እዩ፣ ኣነ ንኣኻ፡ ንኣኻ ንበይንኻ ጥራይ በደልኩ፣ ኣብ ቅድሜኻውን እከይ ገበርኩ፣ ስለዚ ክትፈርደኒ ሓቅኻ ኢኻ፣ እንተ ቐጻዕካኒውን ቅኑዕ ኣሎኻ። . . . ኦ ኣምላኽ ጽሩይ ልቢ ፍጠረለይ፣ ጽኑዕ መንፈስ ከኣ ኣብ ውሽጠይ ሓድስ። ካብ ገጽካ ኣይትደርብየኒ፡ ቅዱስ መንፈስካውን ኣይተግድፈኒ።" ኣናበለ ይንሳሕ።<br>• ወንጌል ማርቆስ ምዕራፍ 4 ከኣ ብዛዕባ ምስላ ዘርእን ቀውዕን፣ ከምኡውን ብዛዕባ ምስላ ዘርኢ ኣድሪ ይዛረበና። "መንግሥቲ ኣምላኽ ዘርኢ ኣብ ምድሪ ከም ዚዘርእ ሰብ እያ። . . . ይበቍል ይዓቢውን። . . . ምስ በጽሐ ቀውዒ ኣትዩ እሞ ሸው ዓጸዲ ይሰድድ።" ይብለና። ቀጺሉ ንመንግሥቲ ኣምላኽ ከም ኣብ ምድሪ ዝተዘርአ ኦም ይምስላ። "ካብ ኩሉ ዘርኢ ምድሪ እትንእስ ፍረ ኣድሪ እያ። ምስ ተዘርአ ግና ትበቍል፡ ካብ ኩሉ ኣሕምልቲውን ትዓቢ፣ ኣዕዋፍ ሰማይ ከኣ ኣብ ጽላላ ኼዕርፉ ኽሳዕ ዚኽእላ ከኣ ዓበይቲ ጨናፍራት ትገብር።" ይብለና።<br><br>ኩላትና ሓደ መዓልቲ ምድራዊ ጉዕዞና ወዲእና ኣብ ቅድሜ ጐይታ ደው ከም እንብልን እቶም ጽቡቕ ፍረ ዝገበርና ከኣ ኣብ መንግሥቱ ከም እንኣቱ ቃል ወንጌል ይነግረና ኣሎ። በቲ ካልእ ወገን ከኣ መንግሥቲ ኣምላኽ መጽለሊት ናይ ኃጢኣተኛታት እያ። ተወሊድና ክሳዕ እንሓልፍ ብዙሕ ኃጢኣት ንፍጽም ኢና። ምሕረት ኣምላኽ ንምርካብ ድማ ናብታ መጽለሊትና ዝኾነት ቤተክርስቲያን እናመጻእና ሕይወትና ንሓድስ ማለት እዩ። ብሕይወት ክሳዕ ዘሎና ንንስሓ ዕድል ኣሎና። ብፍላይ ብሳላ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ መስዋዕቲ መስቀል - ንሱ ንኃጢኣትና ስለ ዝጾረልና - ምሕረት ኣምላኽ ኣሎና። ከምቲ ኣምላኽ ንዳዊት ዝገበረሉ ምሕረት ኪህበና ሰንድው እዩ። ብምሕረት ኣምላኽ ግና ክንጻወት የብልናን። ኣብ መጨረሻ ክንሕተት ኢና፣ ፍርዲ ኣምላኽ ይጽበየና (ግዜ ዓጺድ) ከም ዘሎ ኣይንረስዕ። ኣብ ምድሪ ከሎና ኣምላኽ በሕዋትና ገይሩ 'በዲልካ እምበር' ክብለና ከሎ ልብና ኣይነትርር። ተባኢስና ንዕርቂ እምቢ ኣይንበል። ትዕቢት ንልብና ኪገዝኦ ኣይንፍቀደሉ። ትሕትና መንገዲ ንስሓ፣ ተወሳኺ ዕድመ ዕድል ንንስሓ፣ ንስሓ ከኣ መንገዲ ጽድቂ እያ። ጽድቂ ድማ ኣፍደገ ዘለዓለማዊ ሓጎስ እያ። "ኦ ጐይታይ፡ ብፍትወት ሥጋ ተሳሒበ ዝሙት ከም ዝገበርኩ፣ ንሓዳረይ ከም ዘቑሰልኩን፣ ንካልኦት ከም ዝጎዳእኩ ንስኻ ንኩሉ ኃጢኣተይ ትፈልጥ ኢኻ እሞ መሓረኒ። ብሥልጣነይ ተጠቒመ ንኻልኣት ከም ዝዓመጽኩን ዘይግብኣኒ ከም ዝወሰድኩን እንስሕ ኣሎኹ። ብዘሎኒ ስለ ዘይዓገብኩ ምሓረኒ። ኦ ጐይታይ ኩሉ ግዜ ንኃጢኣተይ ከም ዝጸልእን ዝንሳሕን ግበረኒ።" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| 30 **ጥሪ** | 2 **ሳሙ** 12፥ 1-7, 10-17<br>**መዝ** 51፥ 12-17<br>**ማር** 4፥ 35-41 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• 2 ሳሙኤል ምዕራፍ 12 ብዛዕባ ነቢይ ናታን ናብ ዳዊት ንጉሥ መጺኡ ብኃጢኣቱ ከም ዝገሰጾ ይነግረና። "ኣብ ሓንቲ ከተማ ክልተ ሰብኡት ነበሩ። እቲ ሓደ ሃብታም ነበረ፡ እቲ ሓደ ድማ ድኻ ነበረ። እቲ ሃብታም ኣዝዩን ብዙኃት ኣባጊዕን ኣሓን ነበራኦ። እቲ ድኻ ግና ብጀይካ ዝዓደጋ ሓንቲ ንእሽቶይ ሸበን፡ ገለኳ ኣይነበራኦን። . . . ነቲ ሃብታም ሰብኣይ ጋሻ መጾ። ነቲ ጋሻ ካብተን ኣባጊዑን ካብተን ኣሓኡን ወሲዱ መግቢ ኽየዳልወሉ ኸኣ በቐቐን። ነታ ሸበን ናይቲ ድኻ ወሲዱ ግና ነቲ ዝኣተዎ ሰብኣይ ሓሪዱ ኣዳለወሉ" በሎ። ዳዊት ግና ተቖጢዑ (ብዛዕባ ግብሩ ምኻኒ ከይተረድኦ) ነቲ ከምኡ ዝገበረ ሰብኣይ 4 ዕጽፊ ክኽሕስ ይፈርድ። "ሽዑ ናታን ንዳዊት 'እቲ ሰብኣይ ንስካ ኢኻ' በሎ።" ይብለና።<br>• መዝሙር ከኣ 51 "ሓጉስ ምድኃንካ ምለሰለይ፡ ፈትየ ኽእዘዘካ ደግፈኒ። ሽዑ መንገድኻ ንኃጥኣን ኪምህሮም እየ፣ ንሳቶም ድማ ናባኻ ኪምለሱ እዮም። ኦ ኣምላኸ፡ ኣምላኽ ምድኃነይ ካብ ዕዳ ደም ኣናግፈኒ፣ ቅኑዕ ከም ዝኾንካ ከኣ ብእልልታ ኽበስር እየ።" እናበለ ዳዊት ይንሳሕ።<br>• ወንጌል ማርቆስ 4ይ ማዕራፍ ከኣ ብዛዕባ ኢየሱስ ማዕበል ከም ዘህድአ ይዛረበና። "ብርቱዕ ህቦብላ ንፋስ ተላዕለ፡ እታ ጃልባ ክሳዕ እትመልእ ድማ እቲ ማዕበል ኣብታ ጃልባ ይጸፍዕ ነበረ። ኢየሱስ ከኣ ብወገን ድሕሪት እታ ጃልባ ተተርኢሱ ደቂሱ ነበረ። ደቆ መዛሙርቱ ድማ ኣተንሲኦም 'መምህር! ክንጠፍእዶ ግድና የብልካን ኢኻ?' በልዎ። ንሱ ድማ ተንሲኡ ነቲ ንፋስ ገሠጾ፣ ነታ ባሕሪ ድማ 'ዝግ በሊ፡ ህድኢ' በላ። እቲ ንፋስ ዝግ በለ፡ ዓቢይ ህድእትውን ኮነ።" ይብለና።<br><br>*ናይ ሥጋና ፍትወትን ናይ ዓለም ጣዕምን ናይ ገንዘብ ህርፋንን ባህግታትና ከም ማዕበል ተንሢኡ ብዙሕ ግዜ የናውጸና እዩ። ሥጋና ድኹም ስለ ዝኾነ ብቐሊሉ ክንወሓጥን ክንጥሕልን ንኽእል ኢና። ዳዊት እኳ ምስቲ ኩሉ ምስ ኣምላኽ ዝነበሮ ቀረባ ዝምድና ዝተሰነፈ፣ ንሕና ግዳ ክንደይ ብቐሊሉ ክንሰጥም ዘይንኽእል? ኢየሱስ ጥራይ እዩ ነታ ክጥሕል ዝቐረበት ብማዕበል ትጽፋዕ ዘላ ጃልባና ከድኅና ዝኽእል። ከመይ ሥጋና በቲ ድሮ ዘለዋ ዘይዓግብ ኩሉ ግዜ "ወሰኽ' እናበለት ናብ መዓሙቕ ጥፍኣት እያ እትመርሓና ዘላ። ዳዊት ንጉሥ ኣዝዩ ሃብታም እዩ ዚነበረ፡ ብዙሓት ኣንስቲውን ነበራኦ። በቲ ዝነበሮ ግና ኣይዓገበን። ፍትወት ሥጋኡ ከመይ ከም ዘዕወሮውን ክርዳእ ኣይከኣለን። ነቲ ቀዳማይ ጌጋኡ ኪቐብር ከኣ ብሥልጣኑ ተጠቒሙ ዝገደደ ክፍኣት ደገመ። ዝቐደመ ኃጢኣት ዝደሓረ ኃጢኣት እናሰሓበ እዩ ዚኸይድ። በቲ ክርስቶስ ጉይታ ዘፍሰሰልና መንፈስ ክነብር ከሎና ጥራይ ኢና ንውግእ ሥጋና ክንስዕሮ እንኽእል። ከም ዳዊት ደጋጊምና ""ኣነ ኣበሳይ እፈልጥ ኣሎኹ፣ ኃጢኣተይውን ኩሉ ግዜ ኣብ ቅድሚ ዓይነይ እዩ፣ ኣነ ንኣኻ፡ ንኣኻ ንበይንኻ ጥራይ በደልኩ፣ ኣብ ቅድሚኻውን እከይ ገበርኩ፣ ስለዚ ክትፈርደኒ ሓቅኻ ኢኻ፣ እንተ ቐጻዕካኒውን ቅኑዕ ኣሎኻ። . . . ኦ እግዚኣብሔር ሓኅስ ምድኃንካ ምለሰለይ ፈትየ ክእዘዘካ ደግፈኒ።" ንበሎ።* |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| 31 **ጥሪ** | **ኤር** 1፡ 4-5, 17-19<br>**መዝ** 71፡ 1-6, 15-17<br>1 **ቆሮ** 12፡ 31 - 13፡ 13<br>**ሉቃ** 4: 21-30 | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ነቢይ ኤርምያስ ኣብ 1ይ ምዕራፍ ብዛዕባ ጸዋዕታኡ ይዛረበና። “እግዚኣብሔር ‘ኣብ ከርሲ ኣዴኻ ኸይሓነጽኩኻ ኃሬኹኻ፣ ከይተወለድካ ኸላ ቐደስኩኻ፣ ነሕዛብ ነቢይ ኽትከውን ድማ መደብኩኻ’ በለኒ። . . . እምበእርሲ ንስኻ ኤርምያስ፡ ተንሥእ፡ ሕቘኻ ተዓጠቕ፣ እቲ ኣነ ዚእዝዘካ ኹሉ ንገሮም። ኣነ ኣብ ቅድሚኦም ምስ ቀረብካ ፈራህ ከይገብረካስ ሕጂ ከሎ ገና ኣይትፍራህ።” ከም ዝበሎ ይነግረና።<br>• መዝሙር 71 ከኣ “ኦ እግዚኣብሔር ኣባኻ እውከል ኣሎኹ፣ ከቶ ኣይተሕፍረኒ። . . . ኦ እግዚኣብሔር ኣምላኸ፡ ካብ ንእስነተይ ጀሚርካ ተስፋይን ኣምንቶይን ንስኻ ኢኻ። ምሉእ ሕይወተይ ብኣኻ ተደገፍኩ። ካብታ ዝተወለድኩላ መዓልቲ ጀሚርካ ዝሓሎኻኒ ንስኻ ኢኻ። ኣነ ኩሉ ግዜ ከመስግነካ እየ። . . . ኦ ኣምላኽ ካብ ንእስነተይ ጀሚርካ መሃርካኒ፣ ክሳዕ ሕጂውን ተኣምራትካ እእውጅ ኣሎኹ።” ይብል።<br>• ኣብ 1ይ ቆሮንጦስ ምዕራፍ 13 ከኣ ብዛዕባ ፍቕሪ ይዛረበና። “ነተን ዝዓበያ ውህበታት ደኣ ጸዓቱ። ሕጂ ኸኣ ዝዓበየ መንገዲ ኽሕብረኩም እየ። . . . ሕጂ ከኣ እምነት፡ ተስፋ፡ ፍቕሪ፣ እዚኣተን ሠለስቲኣን ኣለዋ። ካብዚኣተን እትዓቢ ግና ፍቕሪ እያ።” ይብለና። ቀጺሉ “ብቛንቋታት ሰብን መላእኽትን እንተ ዝዛረብ፡ ግና ፍቕሪ እንተ ዘይህልወኒ፡ ከም ዜድሂ ኣስራዚ ወይ ጭልጭል ከም ዚብል ጸናጽል ምኾንኩ። ውህበት ትንቢት እንተ ዝህልወኒ፡ ኩሉ ምሥጥራትን ኩሉ ፍልጠትን እንተ ዝፈልጥ፡ እምባታት ክሳዕ ዘግዕዝ ከኣ ኩሉ እምነት እንተ ዚህልወኒ፣ ግና ፍቕሪ እንተ ዘይህልወኒ ኮንቱ ምኾንኩ ነይረ። ኩሉ ገንዘበይ ከኣ ንድኻታት እንተ ዝዕድል፡ ሰብነተይ ንምንዳድ ኣኅሊፈ እንተ ዝህብ፡ ግና ፍቕሪ እንተ ዘይህልወኒ ሓንቲ እኳ ኣይጠቕመንን እዩ።” ይብለና።<br>• ወንጌል ሉቃስ 4ይ ምዕራፍ ከኣ “ኩላቶም ከኣ መስከሩሉ፡ በቲ ካብ ኣፉ ዚወጽእ ዝነበረ ጸጋ ዝመልኦ ቃላት ተደኒቖምውን ‘እዝስ እቲ ወዲ ዮሴፍዶ ኣይኮነን?’ በሉ። ኢየሱስ ድማ ‘ኣታ ሓኪም፡ ቅድም ንርእስኻ ፈውስ’ ዚብል ምስላ ከም እትምስሉለይ፡ ከምቲ ኣብ ቅፍርናሆም ጌርካዮ ኺብሉ ዚሰማዕናዮ ኩሉ ኣብዚ ኣብ ገዛእ ዓድኻ ግበር” ትብሉኒ ከም ዘሎኹም ርግጸኛ እየ’ በሎም። ኣስዒቡ ከኣ ‘ነቢይ ኣብ ዓዲ ኹቶ ከም ዘይከብር ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ።” ከም ዝበሎም ነንብብ።<br><br>ኩላትና ክርስቲያን ብብጸዋዕታና ንኣገልግሎት ተጸዊዕና ኢና። ከም ኣገልጋሊ፡ ከም ነቢይ እግዚኣብሔር፡ ከም ሰባኺ ወንጌል፡ ከም መምህር፡ ከም ሓዋርያ፡ ከም ኣቦ/ኣደ ወሊዱ ብጽቡቕ ከዕቢ፡ ወ.ዘ.ተ. ኮይኑ ዘገልግል ሰብ ኩሉ ካብዚ ናይ ሎሚ ቃል ኣምላኽ ሠለስተ ነገራት ክመሃር ይኽእል፦ 1) ጸዋዕታን ኅሬትን ካብ ኣምላኽ እዩ፣ ሓደ ዓይነት ኣገልግሎት ካብቲ ካልእ ኣይበልጽን እዩ፣ 2) ኩሉ ኣገልግሎት ብፍቕሪ እንተዘይተፈጺሙ ጻዕርና ከንቱ ይኸውን፣ 3) ኣገልግሎትና ክንፍጽም ከሎና ካብቶም ቀረባ ወገንና ዚመጽእ ንዕቀትን ንመልእኽትና ምንጻግን ከም ዘሎ ከም ርዱእ ክንወስዶ ከም ዝግብኣናን ንመሃር። ኣምላኽ ንተልእኮና ዝኸውን ጸጋ ይህበና እዩ። ስለዚ ሓንሳእ ኣብ ግራት ኣምላኽ ምስ ተሰለፍና፣ ተስፋናን እምንቶናን ኣብ ኣምላኽ ብምግባር፡ በቲ ክመጽእ ዝከኣል ተቓውሞን ዕንቅፋትን ከይተሰናበድና ንቕድሚት ንሰጉም። ስለዚ እጆኻ በርትዕ/ዒ! ብዙሓት ነተዓባብያና ወይ ንሕሉፍ ጌጋታትን እንዳ ኣመልከቱ ከነኣእሱና ክፍትኑ እዮም። ብኣና ኣምላኽ ክዓዩ ከም ዘይኽእል ጌሮም ዚኣምኑ ክህልዉ እዮም። ንክርስቶስ ጥራይ ንጠምት! ካብኡ ኣይንበልጽን ኢና። እቲ ወሳኒ ኣብ ኣምላኽ ዘሎና እምነት እምበር፡ ናይ ሰብ ዘረባ ወይ ሓሳባት ኣይኮነን። “ኦ ጐይታ ኣብ ጸዋዕታይ እሙን ኪኸውን ሓግዘኒ። ንስኻ ከም ዝለኣኽካንን ብጸጋኻ ከም እተሰንየንን ኩሉ ግዜ ክዝክር ከኣ ኣኽእለኒ።” |